# ዘራእቲ ዕግርግር

ምዕራባውያን ሓይልታት ክምዕብላ ኣብ ዝጽዕራ ኣህጉር ብሓፈሻ፡
ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን እሲያን ድማ ብፍላይ፡
ዕግርግር እናዘርኡ ሰላመን ክዘርጉ ንዘካይዱዎ ጻዕሪ
ብቓለ-መጠይቕ ምስ ዶክተር መሓመድ ሓሰን
እተነጸር መጽሓፍ

ብሚሼል ኮሎን / ግሬጓር ላልየ
2011

ትርጉም ብሩት ስምኦን
2014

መሰል ድርሰት©2015 ሩት ስምኦን
ቀ·.ቴ. 07120339/122445
ኢ.መይል፡- fetawitseba15@gmail.com

ብዘይ ፍቓድ ደራሲት ምቅዳሕ ወይ ምብዛሕ ብሕጊ የሕትት

ISBN 99948-57-03-7

ቁጽጽር ትርጉምን ጽሕፈትን………… ኣምባሳደር ሃና ስምኦን

ሰላም ማሕሙድ

ምስትኽኻል ጽሑፍን ገበርን………….. ኣስመረት ዘርኣብሩኽ

ሕትመት፡  ቤት ማሕተም ይመስገን 2015 ኣስመራ

# መዘኻኸሪ

1. "ኣብውሽጣዊሓይሊምትእምማን" ናይኩለንጽሑፋተይመራሒመስመርንእምነተይን እዩ። ብ1990 ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተሓትመት "ዓፍየት ክሳብ መዓስ" ዝርእስታ ጽሕፍተይ፡ ካብ ውሽጣዊ ሃረርታኣ ተበጊሳ ንኑብሳን ሕብረተሰባን ክትልውጥ ናይ ዝኽኣለት ካብ ብሄር ትግረ እትውለድ ተጋዳሊት ዛንታ ነበረት። ኣብ 2007 ዝሕተምኩዋ "ዮጋ ቀዳማይ ክፋል"ን፡ ናይ 2008"ዮጋ ካልኣይ ክፋል"ን እውን፡ ንውሽጣዊ መንነትና ብኣካል ብሞራልን ብመንፈስን ከይሃነጽና፡ ጥዑይ ህይወት ክንመርሕ ከምዘይንኽእል መልእኽቲ የመሓላልፉ። ብ2010ን 2011ን ዝተዘርግሓ "ቺፒ"ን "ቺፒ ኣብ ኣስመራ"ን ድማ፡ ብምስሊ ዑፍ ዝዝንተዋ፡ ህጻናት ካብ ዕሽሎም ትርጉም ህይወት ክርድኡ ዘኽእላን፡ ካብ ብዙሕ ምውዳቕን ምትንሳእን ውሽጣዊ ሓይሊ ሃኒጾም፡ ሓላፍነታውያን ዜጋታት ንኽኾኑ ዘተባብዓን መጻሕፍቲ እየን። "መዝገበ-ቃላት ፈረንሳይኛ ትግርኛ" (2012) ናይ ዓሰርተ ሽሕ ቃላት ትርጉም ሒዛ፡ ሰባት ኣብ ዝኸዱዎ ቦታን ጊዜን ገዛእ ኑብሶም ተወሳኺ ፍልጠት ኣስኒቖም፡ ኣእምሮኣዊን ማሕበራዊን ርእሰማል ክድልቡ ትሕግዝ። ነዛ "ዘራእቲ ዕግርግር" ካብ ፈረንሳይኛ ናብ ትግርኛ ክትርጉም ዘተባብዐኒ እምብኣር፡ ሕጂ እውን፡ ኣንበብቲ ብማዕከናት ዜና ንዘይግለጹ ሓቅታት ክንፈልጥ፡ ገዛእ ተመኩሮና ምስ ተመኩሮ ካልኦት ህዝብታት ብምውድዳር፡ ናይ ምትንታን ዓቕምና ክብ ከኑብልን፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምና ክንተኣማመንን ስለ ዝተሃንጠኹ እዩ። ትሕዝቶ ናይ'ዛ መጽሓፍ ኩሉ ክንሰማምዓሉ ግድን ኣይኮነን። ዝተፈልየ ኵርናዕ ኣጠማምታ ክንግንዘብን ኣስፌሕና ክንትንትንን ከም ዘኽእለና ግን ርግጸኛ እየ።

2. ኣብ ኣደማምጻ ንምሕጋዝ፡ ኣቐዲመ ኣብ መዝገበ-ቃላተይ እውን ዘተግበርኩዎ ድርብ ጨረት ኣብ ውሽጢ ቃላት ተጠቒመ ኣለኹ። ንኣብነት "ንምርዳእ" እትብል ቃል፡ "ሓገዝ ንምሃብ" ዝብል ትርጉም ኣሎዋ። "ንምርዳ"እ" እንተ ተጻሒፋ ግን፡ እታ ዳ" ተደሪባ ስለ እትድመጽ፡ ትርጉማ "ንምግንዛብ" ይኸውን። ካልእ ኣብነት እንተ ወሲድና እውን "ምምላስ" ንዝወሰድካዮ ናብ ቦታኡ ወይ ዋናኡ ክትመልስ እንክለኻ እዩ። "ምምላ"ስ" እንተ ኢልና ግን ፊደል ላ" ጸቒጥና ከም ድርብ ፊደል ስለ እነድምጾ፡ "መልሲ ምሃብ" ማለት ይኸውን። "ምህላው" ኣብ ትግርኛ ክልተ ትርጉም ኣሎዋ። "ምውናን" (to have) ከተሰምዕ እንከላ "ሎ"፡ "ምህላው" (to exist) እንተኾይና ግን "ለ" ተጠቒመ ኣለኹ። ንኣብነት፡ "ኣሎኒ፡ ኣሎካ፡ ኣሎዎም..." "ምውናን" ስለ ዘሰምዓ ብ"ሎ" ተጻሒፈን ኣለዋ። "ኣለኹ፡ ኣለኻ፡ ኣለዉ..." ግን ምህላው ስለ ዘሰምዓ፡ ብ"ለ" ተጻሒፈን ኣለዋ። ሰናይ ንባብ!

## ምስጋና

ፈለማ ነዚ ስራሕ ኣጀሚሩ ዘፈጸመኒ፡ ንብስ-ወከፍ ደቒቕ ናይ ህይወተይ ኣብ ቍም ነገር ከውዕል ዘኽኣለኒን ኣብ ሕቍፌ ምዉቕ ስድራ ቤት ብተድላን ደስታን እናነበርኩ፡ ንሕብረተሰበይ ዝበቅዕ ጽሑፋት ከዳሉ ዘብቅዓኒን ልዑል ፈጣሪ ኣመስግን! ነዚ ተርጕመዮ ዘለኹን ካልእ ንኹሉ ደላይ ፍትሒ ዘንቅሕን መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘበርከተ ዶክተር መሓመድ ሓሰንን ብጾቱን ኣዝየ ኣመስግኖም። ኣብ ጊዜ ስርሐይ፡ ለይትን መዓልትን ካብ ጐድነይ ከይተፈለየት፡ ከይደክም ብጽሒፈት ኮምፕዩተር እና'ብረየት፡ ከይረስሕ ክዳነይ እናሓጸበት፡ ከይጠሚ ባዕላ እናኸሸነት፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ድኻም ከይጸብጸበት ንዝኣለየትኒ ተሓጋጋዚተይን ሕሳስ ልደ ጓለይን ሰላም ማሕሙድ ብልበይ ኣመስግና። ኣድሓነት ጓለይ ካብ ኮሌጅ ዓዲ ቐይሕ፡ ራህዋ ጓለይ ድማ ካብ ዩኒቨርሲቲ ናንት ናይ መጽናዕተን ጊዜ ከይበቐቓ ዝገበራለይ ምትብባዕን ምክትታልን ማዕረ ክንደይ ሓቦን ጽንዓትን ከም ዘሰነቐኒ በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽረንን ከመስግነንን እፈቱ። ናይ ወትሩ ኣላዩተይን ዓንዲ ሕቖይን ዝኾነት፡ ሓብተይ ኣምባሳደር ሃና ስምኦን፡ ርሕቀት ናይ ቦታ ከይዓገታ መአረምታ ቓላት ስለዝገበረትለይ፡ ዓሙቝ ምስጋና ይብጽሓያ። ነዚ ዕላማ ኮምፕዩተር ላብፕቶፕን ከም The Darker Nations, The Shock Doctrine, The Rise of Disaster ዝኣመሰሉ መወከሲ መጻሕፍቲን ናይ ኢንተርነት ገጻትን ካብ ብሪጣንያ ንዝወፈየትለይ መሓዛይ ማርግሬት ሄንሪ ልባዊ ምስጋናይ ይብጻሓያ። ካብ ሓራካ ጀሚሩ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝደገፈ ኣኮይ ገብረመድህን ገብረየሱስን ብዓልቲ ቤቱ ኤልሳ ታፍላን፡ ካብ ፓሪስ ኣብ ገዛይ ከዕርፉ እኳ እንተመጹ፡ ለይቲን ቀትሪን ብስራሕ ተጸሚደ ምስ ጸናሕኩዎም ንዝገበሩለይ፡ ካብ ንባበይ ምስማዕ ክሳብ ኩለንትናዊ ምክንኻን ኣመስጊነ ኣይውድኦን። ነዛ መጽሓፍ ኣብ ዝትርጕመሉ ዝነበርኩ እዋን፡ ኣብ ናይ ትርጕም ኮንፈረንስ ክሳተፍ ክሳብ ገዛይ መጺኡ ንዝዓደመኒ ሳሙኤል መንግስተኣብ፡ ሳላኡ ድማ ስርሐይ ብንብስ-ምትእምማን ክቕጽል ዘኽኣሉኒ ምኽርታት ንዝሃበኒ መምህር ቻርለስ ካንታሉፖ ኣዝየ ኣመስግን። ካልኦት ኣብ'ዚ ኣስማቶም ዘይጠቐስኩዎም፡ ገለ ክፋል እና'ንበቡ ወይ ከንብበሎም እናሰምዑ፡ ኣገዳስነትን እዋናዊነትን እዛ መጽሓፍ ዘረጋገጹለይ፡ ካብ ቤት-ሰበይን ጎረባብተይን ክሳብ ተመሃሮይ፡ ብዕድመን ማሕበራዊ ቦታን ዝተፈላለዩ ውልቀ ሰባት ኩሎም፡ ሚዛናዊ ምትብባዕ ስለዝገበሩለይ ብልበይ ኣመስግኖም።

# ትሕዝቶ

*መቕድም*

ፖለቲካ ዓለም ክንርድኦ ንኽእል'ዶ፧ _______________ 1

1. ምስሪ

ንግስነት መሓመድ ዓሊ እንተዘነውሕ መልክዕ ዓለም ምተለወጠ _____ 5

2. ቱርኪ

ምትእምማን እና'ጥረየ ዝኸደ ሓይሊ _______________ 34

3. ኢራን

ምስ ሕቡራት መንግስታት ምቅረራብ'ዶ
ናይ ደቡብ ዓንኬል ምምስራት፧ _______________ 55

4. ስዑዲ ዓረብ

ዓንዲ ማእከል ዓለማዊ ፖሊሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ________ 88

5. ቱኒዝያ

ስለምንታይ ካብ ሊበራላዊ ዲሞክራሲ
ናብ ብልሹው ውልቀ-መላኺነት ተሰጋጊራ፧_______________126

6. ሊብያ

ኔቶ፡ ናይ መቓብር ዲሞክራሲ _______________ 147

7. ህንዳዊ ውቅያኖስ

ማእከል ቅድድም ንዓለማዊ ዕብለላ _______________ 178

8. ኣፍጋኒስታን

መቓብር ነገስታትን መፍትሕ ባብ ናብ እስያን _______________198

9. ፓኪስታን

ኣሜሪካ ኣብ'ዚ ዞባ እንተተነጺጋ፡ ህላዌኣ ከብቅዕ እዩ ____________ 204

10. የመን

አሜሪካ ኣንጻር ዲሞክራሲ እምበር፡

ኣንጻር ኣልቃዒዳ ኣይተቓለሰትን______________________223

11. ያማን

ዝተረሰዐ ግን ስትራቴጂያዊ ሱልጣን____________________ 236

12. ሶማልያ

ክንየው ቅርሰና________________________________ 246

13. ሱዳን

ዘይእዉጅ ኲናት ኣንጻር ዘይሰመ ጸላኢ. _________________ 261

14. ኤርትራ

ዝተፈልየ መስመር ክንክተል መሰል ኣሎና’ዶ፧______________ 280

መደምደምታ

እቲ ዓንኬል ሕቱም እዩ ___________________________ 316